**ደጋፊ ሰብ**

ብምኽንያት ዝተዳኸመ ናይ ስራሕ ዓቕሚ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ንዝካየድ ንጥፈታት ንምፍጻም ምስ ሓደ ሰብ ሓገዝ ንዘድልዮም እዩ ፧እዚ ፍታሕ ደጋፊ ሰብ ዝወሃብ። እዚ ካብን ናብን እቲ ንጥፈት ክኸውን ይኽእል፣ ከምኡውን ኣብ ንጥፈት ዝካየደሉ ግዜ ክኸውን ይኽእል። እዚ ፍታሕ ካብ ገዛ ወጺኻ ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ባህላዊን ኣካላዊ ንጥፈታት ብምስታፍን፣ ከምኡውን ማሕበራዊ መርበብ ብምምስራትን ሓድሽ ንጥፈታት ብምፍታንን፣ ተነጽሎ ምእላይ እዩ ኣተኩሮኡ።

ደጋፊ ሰብ ንግብራዊ ዕዮታት ክሕግዝ ኣይክእልን እዩ፣ ንኣብነት ከም በዓል ኣስቤዛ ምግዛእ፣ ምእርናብ፣ ምሕጻብን መግቢ ምስራሕን ወዘተ። እንተደኣ ብፍታሕ ደጋፊ ሰብ ዘይሸፈን ሓገዛት ዘድልየካ ኮይኑ ንቤትጽሕፈት ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ገዛውትኻ ተወከስ። ቤት ጽሕፈት ጥዕናን ድሕነትን እዩ ነዚ ንኡስዞባዊ ኣገልግሎታት ዘወሃህድ።

ምልክታ ንደጋፊ ሰብ ኣብ ናይ በይኑ ቅጥዒ ምልክታ እዩ ናባና ዝስደድ (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ርአ)። ኣመልካቲ ሽዑ መጻዋዕታ ቆጸራ ንርክብ ምስ ቲለረተላግት ፍሪቲድ( ንጥፈታት ግዜ ዕረፍቲ ዘጣጥሑ)(Tilrettelagt Fritid) ይመጾ፣ ኣብኡ ከኣ ድሌታትን ባይታ ምጥጣሕን ክሳብ ማዕረ ክንደይ ከምዘድሊ ዝለዓለ ኣተኩሮ ይወሃቦ። ድሕሪ እቲ ርክብ ሽዑ ቲለተራግት ፍሪቲድ(Tilrettelagt fritid) ናብ ቤት ጽሕፈት ጥዕናን ድሕነትን ምኽሪ ይሰዱ፣ ነቲ ዘመልከተ ሰብ ደጋፊ ሰብ ይገበረሉ ወይ ይነጸግ ደጋፊ ኣይገበረሉ ዝብል።

ቅጥዒ ክትመልኦ ሓገዝ ዘድልየካ እንተኮይኑ ንቤት ጽሕፈት ጥዕናን ድሕነትን ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ወይ ድማ ቲለተራግት ፍሪቲድ ተወከስ።

[ምልክታ ቅጥዒ፣ ደጋፊ ሰብ ዓበይቲ]

**ቅጥዕታት መሊእኻ፣ ዓቂብካ ብኢመይል ስደዶ ናብ**
kulturenheten.postmottak@trondheim.kommune.no ወይ ብፖስጣ ናብ Trondheim kommune, Kulturenheten, Pb 2300 Sluppen 7004 Trondheim።